ብ መራኸብ ናይገበርቲ ሰናይ ትካል ዝመጹ መቐበልን ናይ መባእታ ናይ ጥዕና መምዘኒ

እንቋዕ ብድሓን መጻእኻ/ኺ

ናይ ማጀመርያ ቀጥዒ ፣ኣብ ናይ ምቕባል ኣግልግሎትና ፣ኩነታት ጥዕናኻ ምምርማር ምምዛን እዩ። ሓደ ሓኪም ወይ ነርስ ኩነታት ጥዕናኻ ንምምዛን ክምርምረካ እዩ፣ብተወሳኺ ዝተፈላለየ ሕቶታት ብምሕታት ሕክምና፣ሓገዝ ወይ ናይ ስነ ኣእሙራዊ ደገፍ ዘድልየካ እንተ ኮይኑ ክመዝን እዩ። ኣብቲ ኩሉ ናይ ሓኪም መርመራ ናይ ተርጓሚ ደገፍ ኣለካ።

ብኸማይ መልክዕ

- ደምካ ብምዕቃን ፣ናይ ልቢ ህርመት፣ ናይ ረስኒ መዐቀኒ፣ ኣብ ደም ዘሎ ኦክሲጅን ምዕቃን።

ብተወሳኺ ሓካይም

- ፍሉይ ናይ ጥዕና ኩነታት እንተ ኣለካ፣

- ወይ ዉን መዓልታዊ ትወስዶ መድሃኒት እንተ ሃልዩ፣

-ወይ ዉን ኣብ መርከብ ዝተዋህበካ መድሃኒት እንተ ኣሎን- ስለምንታይን ፣በየናይ ኣገባብን ምኽንያት ምርዳእ፡

- ናይ ዝተወሰነ መድሃኒት ኣለርጂ እንተ ኣለካ፣

- ቃንዛ፣ ሓካክየን፣ ዕርገር ዝብለካ እንተ ኾይኑ፣ ርእሲ ሕማም፣ ሰዓል፣ ተምላስ፣ ዉጽኣት፣ቁስሊ፣ ማህረምቲ ፣ እንተ ኣለካ፣

- ጓል ኣነስተይቲ እንተ ኮንኪ ድማ ንፍሰ ጾር እንተ ኮንኪ፣

- ናይ ምንቅስቃስ ጸገም እንተ ኣለካ፣

- ወይ ካልእ ተወሳኺ ነገር ትሕብሮ

ክሓቱኻ እዮም።

ሓኪም ካብ መልሲኻ ተሞርኪሱ ንጥዕናካ ፣ ኣድላዪ መርመራ ክገብረልካ እዩ፣ ክምኡ ዉን መድሃኒት፣ ወይ ዉን ንሆስፒታል ክሰጋግርካ እዩ።

እንተ ናይ ኮሮና መሰል ምልክታት ኣለካ ድማ ፣ ናይ ኮሮና መርመራ ክገብረልካ እዩ።

ሓካይም ኣብ ዉልቃዊ ፋይላ ኩሉ እቲ ሓበረታ ክጽሕፉ እዮም፣ ሓንቲ ቅዳሕ ዉን ክህቡኻ እዮም ብጽቡቕ ክትዕቅቦ ንተባባዓካ።

ኣስተዎዕል፣

- ሓበሬታ ሓኪም ውይ ነርስ ዝህቡኻ ተኻታተል፣

-እቲ ናይ ሓኪም ፋይል ወይ ወረቐት ዝህቡኻ፣ ብጽቡቕ ዓቅቦ፣ ንመጻኢ ኣብ ካልእ ኣጋጣሚ ንኻልእ ሓኪም ከተርእይ ስል ትኽእል።

ስል ዝተሓባበርካ ነመስግነካ።